# ኢሕኣፓ።

ታሓላቓይ ንመሰለይ
ተማጓታይ ንኽብረይ
ተሰዋኣይ ንናፅነተይ
ጠበቓ ሓድነት ሃገረይ
ናይ ቕኑዕ መገዲ መምህረይ
ፅኑዕ ጦብያዊ ውድበይ።

ብሓቀኛ ጦብያዉያን ዝተፈጥረ
ቕኑዕ ቓልሱ ክሳብ ሐዚ ዘመስከረ
ንስልጣን ድልየት ቃሉ ዘየዕበረ
ንዓልየቱ ዝመስል ድሙቕ ሕብሩ
ካልኣይ ዘይብሉ ሓደ ኣብ ሃገሩ
ሕርኽርኽ ዘይብሉ ቓልሲ ሂወቱ
እንታይነቱ ዘመስከረ ብኾሓቱ

ኢሕኣፓ ናትኩም ኢሕኣፓ ናተይ
መተክል ማዕርነት ተስፋይ
ናይ ዲሞክራሲ ዓንዲ
ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ተሓላቓይ

ብሸጣራ ባዕዲ ዘይሕበል
ፖለቲካ ዕጥራን ዘይኽተል
ናይ ጦብያ ናፅነት እምነቱ
ናይ ህዝቢ ማዕርነት ድልየቱ
ብትግራዋይ ኣምሓራይ
ብወላየታ ኦሮሞታይ
ብኣፋር ጨራ ኣገወታይ
ብቱሉማ ጊራ ሳሆታይ
ብጉራጌ ማጂ ዶረዜታይ
ብገዲጆ ኮነታ ጃንጆሮታይ
ብዓሳዉርታ ኮንሶ ኩናመታይ
ብቤን ሻንጉል ሶማል ኣደሬታይ
ድፍን ጦብያዊ ብዝኽፍሎ መስዋእቲ
ብማዕርነት ዝተኸልዎ መንግስቲ
ናይ ባዕዲ ምልኪ ዘይብሉ ናይ ተበለፅቲ
ናይ ሙኩሓት ኢድ ዘይብሉ ናይ ፀበብቲ
ጦብያዉያን ባዕሎም ንባዕሎም
ንዐያም ዝመስል ዝሕሾም
ወግዖም ባህሎም ተኸቲሎም
ታሪኾም መምርሒ መደረኽታ ገይሮም
ብዝኸትብዎ ሕጊ ሃገሮም
ብዝተኽልዎ ናይ ሓድነት ሰንደቖም
ብዘንግስዎ ማዕርነት ዲሞክራሲያ
ፍፁም ዝመስል ህዝቢ ጦብያ
እዩ ዝብል ኢይንደልን ናይ ባዕዲ
ንመራሕ ባሃላይ ብናትና መገዲ።

ትማሊ ኢሕአፓ
ሎሚ ኢሕአፓ
ፅባሕ ኢሕአፓ
ናይ ሓቂ ማዕኸን
ናይ ህዝቢ ተገን
ቅዋሙ ቕኑዕ
ስነ ሓሳቡ ቕኑዕ
ስነ ሞገቱ ቕኑዕ
መተክሉ ቕኑዕ
ክልሰ ሓሳቡ ንፁር
ሃጠዉ ቀጠዉ ዘይብሉ ስሙር
ጭርሕኡ ሓንቲ ዘይተቐየረት
ዓልየት ያታ ሃይማኖተ ከይፈለየት
ጦብያ ንጦብያዉያን ብጦብያዉያን ምስበለት
መስል ብዘይገደብ ንኹሉ ዝአወጀት።

ኢሕአፓ ናትኩም ኢሕአፓ ናተይ
መተክል ማዕርነት ተስፋይ
ናይ ዲሞክራሲ ዓንዲ
ናይ ሃፋሽ ህዝቢ ተሓሳቓይ

ፀላእቱ በዚሖም እንተተዳኸመ
ብኽሓድር ባሃልቲ እንተተጠልመ
ብተንኮል ባዕዲ እንተተኣልመ
ኣይተንበርከኸን ኣይበለን ዕምት
የሻል እዉን ኣይበለን ብፍርሓት
ፍሒትን ኣይበለ ቓሉን ኣይዓፀፈ
ህዝቡ ኽሒዱ ምስጉሒላታት ኣይተሰለፈ
ቓልሲ መሪሩዎ ዕጥቑን ኣየራገፈ
እኒሀ ዳኣ ከምትማሊ ከም ቀደሙ
ከይተቐየረት ናይ መፈለምታ ትልሙ
ይቕፅል አሎ ቓልሲ ህዝቢ ዕማሙ።

**ሰለሞን ኣርኣያ**
8-7-1991